# ባህርይ ክርስቶስ

## ብፓትሪያርክ ሺኖዳ ሣልሳይ

ትርጉም
ብ
ዶ/ር ሽመንዲ ኃይለ

ዋሽንግተን ዲሲ ሰሜን ኣሜሪካ
2001

## ምዕራፍ ፰

## ወዲ-ሰብ ዚብል ስያመ

### "ወዲ ሰብ" ዚብል ቃል ከመይ ጌሩ ንመለኮት ከም ዝምልከት።

ከምቲ "ወዲ ሰብ" ዚብል ቃል ንመለኮታውነት ክርስቶስ ዝምልከት፡ "እዚ ወዲ ሰብ" ዚብል ቃል ካብ ሰብ ስለ ዝተረኽበ፡ ንሰብኣዊ ባህርይ ክርስቶስ ከም ዚምልከት ጥርጥር የልቦን። ከምኡውን እቲ "ወዲ ኣምላኽ" ዚብል ቃል ካብ መለኮት ተረከበ። ነዚ "ወዲ ሰብ" ዚብል ቃል፡ ኀይታ ባዕሉ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ከም ዝተጠቐመሉ ገለ ጥቕስታት ክንጠቅስ። በቲ ሓደ ድማ ከምቲ ሕጂ ዝጠቐሶ ዘለኹ "ወዲ ኣምላኽ" ማለቱ እዩ።

ሀ. ኀይታ ክምህረና ከሎ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘሎ "ወዲ ሰብ" ይብል። (ዮሃ፡3፡13)

ብዛዕባ ሰማያውን ስጋውን ባህርይ ንኒቆዲሞስ ብሕጽር ዚበለ ቃላት፡ "ብጀኻ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ ወዲ ሰብ፡ ናብ ሰማይ

ዝደየበ ሓደ እኳ የልቦን" በሎ። (ዮሃ፡3፡13) እዚ ካብ ሰማይ ወረደ ዚበሃል ዘሎ ወዲ ሰብ ድኣ መን እዩ? እቲ ኣብ ምድሪ ንኒቆዲሞስ ዜዛርቦ ዚነበረኸ መንኮን ነበረ? እቲ መለኮታዊዶ ወይስ እቲ ሰብኣዊ ባህርይ? ንሱስ እቲ ብስጋ ዝተገልጸ ሎጎስዶ ኣይኮነን? እምበኣርከስ ብመሰረቱ እዚ ጽሑፍ እዚ፡ ነቲ ሓደ ባህርይ ዚኾነ ጎይታ ምኻኑ ብንጹር የመልክት።

ለ. "ወዲ ሰብ ጎይታ ሰንበት እዩ"። (ማቴ፡ 12፡8)

እንተድኣ እቲ "ወዲ ሰብ" ዚብል ቃል ነቲ ስጋዊ ባህርይ ዚምልከት ኮይኑ፡ እቲ "ጎይታ ሰንበት" ዚብል ዘሎ ድማ፡ ነቲ መለኮታዊ ባህርዩ እዩ ዚምልከት። ነዚ ክልቲኡ ናብ ሓደ መግለጺ እንተ ጠርነፍናዮ፡ ንሓድነታዊ ባህርያቱ ዓቢዩ ጭብጢ ከም ዝኾነ የመልክት።

ሐ. ንወዲ ሰብ ግና፡ ሓጢኣት ኪሓድግ ኣብ ምድሪ ሥልጣን ከም ዘለዎ
ምእንቲ ክትፈልጡ፡ (ማቴ፡ 9፡6)

ብዘይካ ኣምላኽ በይኑ፡ ሓጢኣት ክሓድግ ስልጣን ዘለዎ ካልእ የልቦን። እቲ ነቲ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ እዩ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ! ዘበለ ድኣ መን ድዩ? እቲ ሰብኣዊ ባህርኡዶ ወይስ፡ እቲ መለኮታዊ ባህሪኡ? ነዚ ምርኩስ ጌርናኸ፡ እቲ ስጋ ዚለበሰ ቃል (ሎጎስ) ኽንብልዶ ኣይንደፍርን?

መ. ወዲ ሰብ ብኽብሪ ኣቦኡ ምስ መላእኽቱ ኪመጽእ እዩ እሞ ሽዑ ንነፍሲ
ወከፍ ከከም ግብሩ ኪህቦ እዩ። (ማቴ፡16፡27)

ኣብዚኸ መን ኢዩ? እቲ ፈራዳይ ስጋዊንዶ? ወይስ እቲ መለኮታዊ ባህርይ? እስከ ሓደ ነገር ነስተውዕል፡ "ወዲ ሰብ" እናበለ፡ ቀጺሉ ድማ "ብኽብሪ ኣቦኡ" ይብል። በዚ ድማ፡ ወዲ ሰብን ወዲ ኣምላኽን "ኣብ ሓደ" ከም ዝኾነ የመልክት። እቲ "ምስ መላእኽቱ" ዚብል ድማ ነቲ መለኮታዊ ባህርዩ የመልክት።

ኣብ መዛዘሚ እዛ ጥቅሲ እዚኣ፡ ብፍላይ ድማ፡ እታ "ወዲ ሰብ" እትብል ቃል፡ ነቲ ሰብኣዊ ባህርይ ፈልያ ኣይተመልክትን። እንታይ ድኣ? እንተላይ ነቲ መለኮታዊ ባህርዩውን ኣሕቢራ ድኣ ተመልክት እምበር። በዚ ምኽንያት እዚ፡ እቲ ስጋ ዝለበሰ ቃል (ሎጎስ)፡ ብሓድነቱ ከም እተዋሃሃደ እያ ኣነጺራ እተርእን እተመልክትን ዘላ።

ሰ. ኣብቲ ቀዳማይ ሓሳብ ከምዚ ዚስዕብ ንረኽብ፡ (ማቴ፡25፡31-34)

"ግናኸ ወዲ ሰብ ብኽብሩ ምስ መጸ፡ ኩሎም መላእኽቱውን ምስኡ፡ ሽዑ ኣብ ዝፋን ክብሩ ይቕመጥ። ኩሎም ኣህዛብ ድማ፡ ኣብ ቅድሚኡ ይእከቡ። ንሱ ከኣ፡ ጓሳ ነባጊዑ ካብ ኣጣል ከም ዚፈላልየን፡ ካብ ነንሓድሕዶም ይፈላልዮም። ነተን ኣባጊዕ ኣብ የማኑ፡ ነተን ኣጣል ድማ ኣብ ጸጋሙ የቐመን። ሽዑ እቲ ንጉስ ኣብ የማኑ ንዘለዉ ይብሎም፡ ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት፡ ንዑ፡ ካብ ምስራት ዓለም እተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ"።

እንደገና እቲ "ወዲ ኣምላኽን" ኣቦን ኣብ ሓደ ኣረፍተ ነገር ተጠቒሊሉ ንረኽቦ። ከምዚ ክብል ከሎ ድማ፡ እቲ ወዲ ሰብን ወዲ ኣምላኽን ዘይነጻጸል ምኻኑ የርኢ። ወዲ ሰብ እቲ ውሁድ (ሓደ ባህርይ) ባዕሉ ፈራዲ ምኻኑ ከኣ እዚ ዚስዕብ ጥቅሲ ይሕብር። (ዮሃ፡ 5፡22)

ረ. ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ ቅድሚ ሊቀ ካህናት ደው ምስ በለ፡ ከምዚ በለ። (ማቴ፡ 26፡63-65 ግብ፡7፡57)

እቲ ሊቀ ካህናት ከኣ፡ "ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ እንተ ኾንካስ ክትነግረና፡ በቲ ህያው ኣምላኽ ኤምሕለካ ኣሎኹ በሎ"። ...ጎይታ ኸኣ "ድሕሪ ሕጂ ግና ወዲ ሰብ ኣብ የማን ሓይሊ ተቐሚጡ፡ ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ኽትርእዩ ኢኹም፡ እብለኩም ኣሎኹ በሎ"። ነዚ ናይ ጎይታ ቃል፡ ሰማዕት እስጢፋኖስ፡ ከምዚ ኢሉ እንደገና ክደግሞ ከሎ ንርእዮ። "እንሆ ሰማይ ተኸፊቱ፡ ወዲ ሰብ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉ እርኢ ኣሎኹ" በለ።

እቲ ብደመና ሰማይ ብሓይሊ ኣብ የማን ኣቦኡ ትቐሚጡ፣ ኪመጽእ ዚረኤ ድኣ መን ኮን ይኸውን? እቲ ሰብኣዊ ባህርዩዶ ወይስ እቲ መለኮታዊ ባህርዩ ጥራይ? ነዚ ክንነጻጽሎ ክንፍትን ፈጺሙ ስለ ዘይኮነልና፣ እዚስ፣ እቲ ሓደ ባህርይ፣ ንሱ ድማ፣ እቲ ሥጋ ዚለበሰ ቃል (ሎጎስ) ኢዩ ቢልና እንተዛዘምናዮ፣ ይሓይሽ።

ቀ. ወዲ ሰብ ንመላእኽቲ "መላእኽቱ" ንሕሩያቲ ድማ "ሕሩያቱ" ኢሉ ይጽውዖም። (ማቴ፣ 24፣29-31)

"ንመላእኽቱ ከኣ ብብርቱዕ ደሃይ መለኸት ኪልእኾም፣ ነቶም ሕሩያቱ ከኣ ካብቲ ሓደ ወሰን ሰማይ ክሳዕ እቲ ሓደ ወሰን ሰማይ ካብ ኣርባዕቲኡ መኣዝን ንፋሳት ኪእክብዎም እዮም" ይብል።

ኣብዚ እውን፣ "ወዲ ሰብ" ብመዓርግ ኣምላኽ ኮይኑ ክእዝዝ ነንብብ። እሞኸ ድኣ፣ ነዚ ከመይ ኢልና ኢና ኪንትርጉሞ፣ በቲ ሓደ ወገኑ ሰብኣዊ በቲ ሓደ ወገኑ ድማ፣ መለኮታዊ ባህርይ ኢዩ ኢልናዶ ኪንሓልፎ ንኽእል። ኣይፋልናን! ከመይሲ፣ ኣብዚ ጊዜ እዚ፣ ብቐጥታ ኣብ ልዕሊ መላእኽቲ ልዑል ስልጣን ሒዙ፣ ናብቶም ኣብ ትሕቲ ስልጣኑ ዘለዉ ሕሩያቱ፣ (ማለት ካብ ደቂ ሰባት ዝተሓርዩ) ንኺእክብዎም ትእዛዝ ዚህብ ዘሎ፣ እቲ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝተወልደ፣ ከምኡውን ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ፣ ባዕሉ መድሓኒናን ጎይታናን ኢየሱስ ክርስቶስ ፈራድ ኩላ ዓለም ኢዩ። እሞኸድኣ፣ ከመይ ኢልና ኢና ነቲ ሓደ ኾይኑ ዚእዝዝ ዘሎ ጎይታስ፣ ኣይፋልካን ሓደ ኣይኮንካን፣ ንሸኻስ ክልተ ኢኻ እንብሎ?

በ. ጎይታ ንደቂ መዛሙርቱ ኪዛረቦም ከሎ፣ ከምዚ ይብሎም "ወዲ ሰብ" ናብቲ ቀደም ዝነበሮ ኺድይብ ከሎ እንተ ትርእዩ ድኣ ከመይ እዩ"። (ዮሃ፣6፣62)

ካብዚ ጥቕሲ እዚ እንረኽቦ ትምህርቲ እንተሎ፣ እቲ "ናብቲ ቀደም ዚነበሮ" ዚብል ቃል ኢዩ። በዚ ድማ፣ ቀደም ኣብ ሰማይ ከም ዚነበረ ብንጹር ኢዩ ዘመልክት። ሕጂ ዚዛረበሉ ዘሎ ግና፣ እቲ መለኮታዊ ወዲ ኣብ ሰማይ

ዚነበረ፣ ድሕሪ ስጋ ምልባሱ፣ ወዲ ሰብ ዚተባህለ ኢዩ። እቲ ምስ ኒቆዲሞስ ዘካየዶ ምዝርራብ ብጠቕላላ እንተ ረኤናዮ፣ “ብጀካ እቲ ካብ ሰማይ ዚወረደ” ክብል ከሎ፣ (ዮሃ፥1፥13) እምበኣር እቲ ካብ ሰማይ ዚመጸ መለኮታዊ ባህርያቱ ኢዩ ዚሕብር ዘሎ። ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ንኢየሱስ ክርስቶስ ዘርኢ ከምዚ በለ፣ “እቲ ካልኣይ ሰብ ካብ ሰማይ እዩ” (1ቆረ፥15፥47)።